# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ታሕሣሥ 3ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **14 ታሕሣሥ 2015** | **ዘኍ 24፥2-7, 15-17**<br>**መዝ 25፥ 4-9**<br>**ማቴ 21፥ 23-27** | ካብ ናይ ሎሚ ንባባትና እንረኽቦም ክቡራት ኣዕናቕ ቃል ኣምላኽ እንታይ ይብሉና ኣለዉ?<br>• ኣብ ዘኍልቍ 24 ብዛዕባ ትንቢት በለዓም ነንብብ። ባላቅ ንጉሥ ሞኣብ ንደቂ እስራኤል ካብኡ ዚኀይሉ ምዃኖም ፈሊጡ ንበለዓም ኪረግመሉ ሓተቶ። መንፈስ ኣምልኽና ግና ንበለዓም ንእስራኤላውያን ኪምርቖም እምበር ኪረግሞም ኣይፈቐደን። ንእስራኤል ከኣ ከም ኣምላኽ ዝተኸሎ ተኽሊ ይምስሎ፡ ጽባቒኡ ይነግረሉ፡ መንግሥቶም ልዕል ከም ትብል ይንበየሎም። ነቲ ኣብ ዳሕራይ ግዜ ዝኸውን "ኮኸብ ካብ ያዕቆብ ኪወጽእ፡ ካብ እስራኤል ከኣ በትሪ መንግሥቲ ክትትንሥእ እያ። ንሳ ንመሳፍንቲ ሞኣብ፡ ንኲሎም ደቂ ሴት ከኣ ኽትጭፍልቖም እያ" እናበለ ተነበየሎም።<br>• መዝሙር 25 ከኣ "ንስኻ ኣምላኽ ምድኃነይ ኢኻ እሞ፡ ከም ትእዛዛትካ ኽነብር ምሃረኒ።" . . . ኦ እግዚኣብሔር ነቲ ብንእስነተይ ዝገበርክዎ ኃጢኣተይን ኣበሳይን ኣይትዘክሮ፡ ከም ለውሃትካ ምእንቲ ፍቕርኻ ኢልካ ዘክረኒ" ይብል።<br>• ሊቃነ ካህናትን ሽማግለታት ሕዝብን ኢየሱስ ኣብ ቤተመቕደስ ኣትዩ ኪምህር ከሎ "በየናይ ሥልጣን ነዚ ነገራት እዚ ትገብር ኣሎኻ? ነዚ ሥልጣን እዚኸ መን ሃበካ? በልዎ"። ንሱ ግና "ጥምቀት ዮሓንስ ካበይ እዩ ነይሩ?" ብምባል ቅድም ንሳቶም ኪምልስሉ ሓተቶም። "ኣይንፈልጥን" ስለ ዝበልዎ ግና ንሱውን "ኣነውን . . . ኣይነግረኩምን" ኢሉ መለሰሎም።<br><br>ነቲ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ብትንቢት ዝተነግረሉ እቲ ካብ ያዕቆብ ዚወጽእ "ኮኸብ" ኢየሱስ እዩ። ንሱ ኣብ መንግሥቱ ንኩላትና ክኣኻኽበና መጺኡ። ንሱ ካብ ሰማይ ዚወረደ ወዲ ኣምላኽ እዩ። ንሕና ምስቶም ሥልጣኑ ዝነጽጉ ከይንህሉ ንነፍስና ንመርምር። "ንስኻ ኣምላኽ ምድኃነይ ኢኻ" ንበሎ። ንልብና ኪልውጦ ንለምኖ። ምስቶም ብፍቕሩ ኪነብሩ ሕራይ ዝበልዎን ዝተቐበልዎን፡ ሎሚ ንቕበሎ። "ኦ ጐይታይ ምሓረኒ! ኪስዕበካ ድላየይ እዩ። ምሳኻ ክነብርን ፈትየ ክእዘዘካን ኃይሊ ሃበኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **15 ታሕሣሥ** | **ሶፎንያስ 3፥ 1-2, 9-13**<br>**መዝ 34፥ 2-3, 6-7, 17-22**<br>**ማቴ 21፥ 28-32** | ካብ ናይ ሎሚ ንባባትና ክቡራት ኣዕናቕ ቃል ኣምላኽ ንእረ፡-<br>• ትንቢት ሶፎንያስ 'እታ ዓላዊትን ርኽስትን ከተማ" ናብ እግዚኣብሔር ዘይትውከልን ዘይትቕርብን ይዛረበና። ደሕር ግና እታ ርኽስቲ ከተማ ናብ ኣምላኽ ከምትምለስን፡ ኲሎም ኣሕዛብ ናብ ኣምላኽ ኬገልግልዎ ከም ዝመጹን ይነግረና። "ምእንቲ ኪረድኦም ናባይ ኪምለሱ እዮም። . . . ሕዝቢ እስራኤል ኣይኪብድሉን፡ ኣይኪሕስዉን እዮም፡ ካብ ኣፎምውን ጥልመት ኣይኪስማዕን እዩ" ይብል።<br>• መዝሙር ዳዊት "ንእግዚኣብሔር ኲሉ ግዜ ኣመስግኖ" እናበለ ምስጋና የቕርብ። "ጥቑዓት ናብ እግዚኣብሔር ይጥምቱ እሞ ይሕጐሱ፡ ከቶውን ኣይሓፍሩን። . . . ኣናብስ ይስእኑን ይጠምዩን፡ ንእግዚኣብሔር ዚእዘዝዎ ግና ሠናይ ኣይጐድሎምን። . . . ናይ ጻድቕ መከራ ብዙኅ እዩ፡ እግዚኣብሔር ግና ካብ ኲሉ የናግፎ፣" ይብለና።<br>• ወንጌል ብዛዕባ እቶም ክልተ ደቂ ዝነበርዎ ሰብእይ ብምስላ ይዛረበና። ናብ ኣትኽልቲ ወይኑ ከይዶም ኪዓዩ በብሓደ ምስ ሓተቶም፣ እቲ ቀዳማይ "እምቢ" ኢሉ ጸኒሑ ተጣዒሱ ናብ ግራቱ ወፈረ። እቲ ካልኣይ ግና "ሕራይ" ኢሉ ኣይወፈረን። "ካብ ክልቲኦም ኣየናዮም እዩ ፍቓድ ኣቦኡ ዚመልአ?" እቲ ቀድማይ እዩ። "ተቐበልቲ ቀረጽን ኣመናዝርን ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ከም ዚቕድምኹም ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ" እናበለ እየሱስ መልእኽቱ ይድምድም።<br><br>ከምቲ እታ ርኽስቲ ከተማ ናብ ኣምላኽ ዝተመልሰት፡ ንሕናውን ናብ ኣምላኽ ክንምለስ ንጽዋዕ ኣሎና። ንሱ ኣብ ማእከልና ምስ ኮነ፡ እቲ ከቢድ ዝመለና ትእዛዛቱ ብጸጋኡ ፈኲስን ጥዑምን ምዃኑ ክርድኣና እዩ። ምስ ኣምላኽ ሠናይ ዘበለ ኣይጐድለናን እዩ፣ ብመከረ ክንሓልፍ ከለናውን እግዚኣብሔር የናግፈና እዩ። ናብ ግራቱ ኪልእከና ከሎ ብተግባርና ሕራይ ንበሎ። እንተዘየሎ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ እቶም እንንዕቆም ሰባት ኪቕድሙና እዮም። ኣብ ቤት ኣቦና ኣሎና እናበልና ከይንጠፍእ ንጠንቀቕ። ነቶም ጠፊኦም ጸኒሖም ዚምለሱ ኣሕዋት ኣሓት ኣይንንፈገሎም። ብብሩህ ገጽ ንቀበሎም። በታ እትምለስ ነፍሲ ምስቶም መላእኽቲ ሓቢርና ንተሓጎስ። "ኦ ጐይታ ናይ ንስሓን ምህለላን መንፈስ ኣፍስሰልና!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **16 ታሕሣሥ** | **ኢሳ 45፡ 6-8, 18, 21-25**<br>**መዝ 85፡ 9-13**<br>**ሉቃ 7፡ 18-23** | ካብ ናይ ሎሚ ንባባትና ክቡራት ኣዕናቕ ቃል ኣምላኽ ንእረ፡-<br>• ነቢይ ኢሳያስ፡ ሰማያት ጽድቂ ኼዝንሙ፡ ምድሪ ምድኃን ክትፈሪ፡ ጽድቂውን ኬተብቊል ምዃናን፣ ነዚ ኩሉ ዚገብር ከኣ እግዚኣብሔር ምዃኑ ይነግረና። ካልእ ኣምላኽ የልቦን። “ጻድቕን ዜድኅንን ኣምላኽ ብጀካይ ከቶ የልቦን’ ይብል እግዚኣብሔር። . . . ስለዚ ኣቱም ኣብ ኩሉ ወሰናት ምድሪ ዘሎኹም ሕዝቢ፡ ናባይ ተመለሱ እሞ ደኃኑ። . . . ኣነ እግዚኣብሔር ንኹሎም ደቂ ያዕቆብ ከድኅኖም እየ፡ ንሳቶም ከኣ ኼመስግኑኒ እዮም” ይብለና ኣሎ።<br>• መዝሙር ከኣ “ንሕና ናብ መንገዲ ዕሽነት እንተ ዘይተመሊስና፡ ንሱ ንኣና ንሕዝቡ ሰላም ኣተስፍዩና ኣሎ። ብሓቂ ኣብ ሃገርና ክብሪ ኣግዚኣብሄር ኪኃድር እዩ፣ ምድኃኑ ነቶም ዚፈርህዎ ቀረባኦም እዩ። ምሕረትን ሓቅን ተራኸባ፡ ሓቅን ሰላምን ተሰዓዓማ። . . . እግዚኣብሔር ድማ ሠናይ ኪህበና እዩ፣ ሃገርናውን ፍርያታ ኽትህብ እያ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ድማ ብዛዕባ ልኡኻት ዮሓንስ መጥምቕ ይዛረበና። “እቲ ዚመጽእስ ንስኻ ዲኻ ወይስ ካልእ ክንጽበ ኢና?” ዚብል ሕቶ ኪምልስ ከሎ ኢየሱስ፡ “ኪዱ ዝረኤኹምዎን ዝሰማዕኩምዎን ንዮሓንስ ንገርዎ፡- ዕዉራት ይርእዩ፡ ሓንካሳት ይኸዱ፡ ለምጻማት ይነጽሑ፡ ጸማማት ይሰምዑ፡ ምዉታት ይትንሥኡ ኣለዉ፣ ንድኻታትውን ወንጌል ይስበኽ ኣሎ። ብኣይ ዘይዕንቀፍ ከኣ ብፁዕ እዩ” እናበለ ይምልሰሎም።<br><br>ኣብ ዘመነ ምጽኣቱ ስለ ዘሎና፡ ቤተክርስቲያን ኬነስተንትኖ እትህበና ቃል ኣምላኽ ኩሉ ብዛዕባ ምድሓን እዩ። ኢየሱስ ካብ ሰማይ ምስ ወረደ፡ ጽድቂ የዝንም ምድሪውን ምድኃን ክትፈሪ ደቂ ሰብ ከኣ ካብ ኃጢኣትን ሞትን ንድኅን። ምድኃኑ ነቶም ዚፈርህዎ ቀረባኦም እዩ እሞ ናብ ኣምላኽ ንመለስ፡ ካብ ናይ ኃጢኣት ሞት ንተንሥእ። ብእምነት ንኢየሱስ እንተ ተቐቢልናዮ፣ ኣዕይንትና ኪኽፈታ፡ ኣእዛና ንድምጺ ኣምላኽ ንምስማዕ ኪኽእላ እየን። ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልባትና ኪውሕዝ እዩ። “ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ናይ እምነ ልቢ ኣውጺእካ፡ ኬፍቅር ዝኽእል ናይ ስጋ ልቢ ሃበኒ”። |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **17 ታሕሣሥ** | **ዘፍ 49፡ 2, 8-10**<br>**መዝ 72፡ 1-4, 7-8, 17**<br>**ማቴ 1፡ 1-17** | ካብ ናይ ሎሚ ንባባትና ክቡራት ኣዕናቕ ቃል ኣምላኽ ንእረ፡-<br>• ኦሪት ዘፍጥረት 49 ብዛዕባ ያዕቆብ  ንደቁ ከም ዝመረቖም እዩ ዚዛረበና። ምርቓ ይሁዳ ካብ ናይ ካልኦት ደቁ ፍልይ ዝበለ እዩ ነይሩ። እቲ “ሕዝብታት ክሳዕ ዚግዝእዎ በትሪ መንግሥቲ ካብ ይሁዳ፡ ዘንጊ ገዛኢ ኸኣ ካብ ማይ ቤቱ ኣይኬልግስን እዩ” ዚብል ቃል፡ ነቲ ካብ ዘርኡ ዚውለድ  ወዲ ዳዊት ዝኮነ ኢየሱስ ንጉሥ የመልክት። በዚ ይሁዳ ልዕሊ ኩሎም ኣሕዋቱ ስለ ዚኸውን “ኣሕዋትካ ኬመስግኑኻ እዮም”፡ ከምኡውን “ደቂ ኣቦኻ ኪሰግዱልካ እዮም” ይብሎ።<br>• መዝሙር ዳዊት እዉን ብዛዕባ እቲ ኪመጽእ ዘለዎ ንጉሥ ይዛረበና ኣሎ። “ንሱ ኸኣ ንሕዝብኻ ብፍትሒ ኺገዝኦም፡ ንጥቑዓት ከኣ ብቕንዕና ኬመሓድሮም እዩ” ይብለና። ብዘመን እዚ ንጉሥ እዚ “ጽድቂ ይዓንብብ”፡ ግዝኣቱ ከኣ ክሳዕ “ወሰን ምድሪ ኪበጽሕ” እዩ ይብለና።<br>• ወንጌል ከኣ ወለዶ እዚ ንጉሥ እዚ ይጽብጽበልና። እቲ ንጉሥ ወዲ ኣብርሃም፡ ወዲ ይሁዳ፡ ወዲ ዳዊት፡ . . . ወዲ ያዕቆብ “ንዮሴፍ ሕጹይ ማርይም” ዝወለደ፡ “ካብኣ ድማ እቲ ክርስቶስ ዝተባህለ ኢየሱስ ተወልደ” ይብለና።<br><br>ኣምላኽ ብዛዕባ ድኅነት ደቂ ሰብ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ከም ዝመደበ ንርኢ። እዳምን ሔዋንን ገነት ምስ ኣጥፍኡ፡ ኣምላኽ ነቲ ተመን “ንሱ ርእስኻ ኪጭፍልቕ እዩ፡ ንስኻ ድማ ሸኼናኡ ኽትነክስ ኢኻ” (ዘፍ 3፡15) እዩ ዝበሎ።  ካብ ኣብርሃም ጀሚሩ ንዘመናት ዝጓሰዮ ናቱ ሕዝቢ ኣዳለወ፣ ካብኡ ከኣ ክርስቶስ እቲ መድኃኒ፡ እቲ ዘለዓለማዊ ንጉሥ ከም ዚወጽእ ገበረ። ኩሎም እቶም ብእምነት ዝተቐበልዎ ሰባት ከኣ ደቂ ሓዲሽ ኪዳን፡ ደቂ ቤተክርስቲያን፡ ደቂ ሓዲሽ መንግሥቲ ኮኑ። መንፈሱ ኣብ ልዕሌና ብምፍሳስ ከኣ ጸድቂ ኣብ ልባትና ከም ዝዕንብብ ገበረ። ብቕንዕናን ብፍትሕን፡ ብመንገዲ ሓቅን ሕይወትን ይመርሓና ኣሎ። “ኦ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታይን ንጉሠይን ኢኻሞ፡ ንዓ ንልበይ ግዝኣዮ። ከም ኣድገ ፈረስ ንብልዕን መስተን ከይግዛእሲ ምስትውዓል ሃበኒ!”። |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 18 ታሕሣሥ | ኤር 23፡ 5-8<br>መዝ 72፡1-2, 12-13, 18-19<br>ማቴ 1፡ 18-25 | ካብ ናይ ሎሚ ንባባትና ክቡራት ኣዕናቑ ቃል ኣምላኽ ንእረ፡-<br>• ኤርሚያስ ነብይ “ካብ ዘርኢ ዳዊት ጻድቕ ንጉሥ ዘተንሥኣለን መዓልትታት ይመጻ ኣለዋ። እቲ ንጉሥ ብጥበብ ኪገዝእ፡ ቅንዕና ኺገብር፡ ኣብታ ሃገር ከኣ ፍትሒ ኼውጽእ እዩ። ብዘመኑ ሕዝቢ ይሁዳ ኺድኅኑ፡ ሕዝቢ እስራኤል ድማ ኣስተርሕዮም ኪነብሩ እዮም። ‘እግዚኣብሔር ጽድቅና እዩ’ ተባሂሉ ከኣ ኺስመ እዩ።” እናበለ ናይ ተስፋ ቃል ይህበና።<br>• መዝሙር ከኣ እቲ ብፍትሕን ቅንዕናን ኬመሓድር ኪመጽእ ዘለዎ ንጉሥ “ንሱ ነቲ ናብኡ ዚጠርዕ ድኻን ነቲ ረዳኢ ዘይብሉን ንመስኪንን የናግፎም። . . . እግዚኣብሔር ኣምላኽ፡ ኣምላኽ እስራኤል ይመስገን፣ ነዚ ኹሉ ተኣምራት ዚገብር ንሱ በይኑ እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ከኣ፡ ብዛዕባ ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ የዘንትወልና። ማርያም ተሓጽያ እንከላ ጠኒሳ ተረኸበት፡ ዮሴፍ ሕጹያ ከኣ ብኅቡእ ኪሓድጋ ሓሰበ። መልኣኽ እግዚኣብሔር ግና ናብኡ መጺኡ ነቲ ኣብኣ ዝተፈጸመ ምሥጢር ስለ ዝነገሮ ንማርያም ከም በዓልቲ ቤቱ ወሰዳ።<br><br>እቲ ብብዙሓት ነብያት ኪመጽእ ምዃኑ ዝተነግረሉ መድኃኒ ሕጂውን ብኤርምያስ ነብይ እቲ ተስፋ ንደቂ እስራኤል ይድገመሎም ኣሎ። እቲ ዚኣምንን ንኣምላኽ ዚስዕብን ሕዝቢ ከኣ ኩሉ ኪድኅን ምዃኑ ይነግረና። ሕዝቢ እግዚኣብሔር ከኣ ኣስተርሕዩ ኪነብር ምዃኑ ይነግረና። ብፍላይ ነቲ ድኻን መስኪንን ብፍሉይ ዓይኒ ዝርእዮም ምዃኑ መዝሙርውን ይነግረና ኣሎ። ኩሉ ግዜ ነዚ ናይ ድሕነት ቃል ኣምላኽ ዝተሃላለኽ ናይ ሰይጣን ስራሕ ጐኒጐኑ ስለ ዚኸይድ፣ ነቶም ናይ ድኅነት ተስፋ ዝነገሩ ነብያት ይኹኑ፡ ንባዕሉ እቲ ምድኃኒ ክሳዕ ሞት ተጻቢኡዎም እዩ። እቲ እኩይ፡ ንዮሴፍ “ንስኻ ጻድቕ ሰብሲ ከምዚ ክትረክብ፣ ከም ቀደምካ ሕጊ ኣምላኽ ከይወዓልካ ከይሓደርካ ፈጽም። ነዛ ሕጽይትኻ ክነሳ ዝበደለትካ ኣጋልጻ” (ብዳርባ እምኒ ናይ ሞት ፍርዲ ማለት እዩ) ከምዝበሎ ጥርጥር የልቦን። ነታ ናይ ድኅነት ኮኾብ ጽባሕ፡ ንሳን ኣብ ከርሳ ዝነበረ ወዳን ብሓንቲ ወንጭፍ ኪቐትሎም ህርድግ ከም ዝበለ ኣይንስሕቶን ኢና። ዮሴፍ ነቲ ዝኸውን ዝነበረ ምሥጢር እኳ ኣንተ ዘይፈለጠ፡ ብመንፈሱ ግና ማርያም ከም ዘይትውዕሎ ተረዲኡ ነበረ። ኣምላኽ ከኣ መልኣኹ ሰዲዱ ምሥጢሩ ይነግሮ።  ሽዑ እቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ጸዋዕታ ተረድኦ። ንሱ ካብኡ ንደሓር ጀሚሩ ነታ ናይ ኣምላኽ ሰብን ነቲ ካብኣ ዝተወልደ ወዲ ኣምላኽን ምሉእ ሕይወቱ ኪምግብን ኪሕሉን ተሓጒሱ ተወፈየ። ነዚ ናይ ምድኃን ጥዑም ብስራት ዝሓዘ ቃል ኣምላኽ ዝግባእ ክብሪ ንሃቦ። ንክነስተውዕሎ ከኣ ንመንፈስ ቅዱስ ንለምን። “ንዓ መ. ቅዱስ እምነት ወስኸኒ ናብቲ ሓቂ ከኣ ምርሓኒ”። |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 19 ታሕሣሥ | መሳ. 13፡ 2-7, 24-25<br>መዝ 71፡ 3-6, 16-17<br>ሉቃ 1፡ 5-25 | ካብ ናይ ሎሚ ንባባትና ክቡራት ኣዕናቑ ቃል ኣምላኽ ንእረ፡-<br>• መሓፍጽ መሳፍንቲ 13 ምዕራፍ ብዛዕባ ምጥናስን ምላድን ሳምሶን ይዛረበና። መልኣኽ መጺኡ ነታ ሰበይቲ “ክትጠንሲ ኢኺ ወዲውን ክትወልዲ ኢኺ። . . . ንደቂ እስራኤል ካብ ኢድ ፍሊስጥኤማውያን ምድኅኖም ኪጅምር እዩ” ከምዝበላ ንርኢ። ርኹስ ዘበለ ከይትበልዕን ዜስክር መስተ ከይትሰትን ኣጠንቂቕዋ ነበረ። ንሰብይኣያ ብኡ ንብኡ ምስ ነገረቶ ከኣ ንሱ መጺኡ ነቲ ሰብኣይ (መልኣኽ) ኣዘራረቦ። መግቢ ከዳልዉሉ ምስ ሓሰቡ ግና “እንጌራኻስ ኣይበልዕን እየ። ዚሓርር መሥዋዕቲ ኽትገብር እንተ ደለኻ ድማ ንእግዚኣብሔር ኣዕርገሉ” በሎ። መሥዋዕቲ ምስ ኣቕረቡ ድማ “እቲ ሃልሃልታ ኻብ መሠውዒ ናብ ሰማይ ኪድይብ ከሎ፡ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሔር ድማ በቲ ሃልሃልታ መሠውዒ ዓረገ” ይብለና።<br>• መዝሙር “ኩሉ ግዜ ሃዲመ ዚዕቆበሉ ኸውሒ ኩነኒ፡ ከውሐይን እምባይን ንስኻ ኢኻ እሞ ኺድኅን ኣዝዝ።” እናበለ ናብ እምላኽ ጸሎት የዕርግ። ቀጺሉ፡ “ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ብኃይልኻ ኪኸይድ እየ፣ ጽድቅኻ እወ ጽድቅኻ ጥራይ ከዘንቱ እየ” ይብል።<br>• ወንጌል ከኣ ብዛዕባ ብሥራትን ልደትን ዮሓንስ መጥምቕ ይዛረበና። ዘካርያስ ክህንን ኤልሳቤጥን ክልተ ናይ እግዚኣብሔር ሰባት ሰብ ሓዳር እዮም። ኣብ እርጋኖም ኣምላኽ ነዞም መኻናት ሓደ ውሉድ ይህቦም። እቲ መልኣኽ ንዘካርያስ “ሰበይትኻ ኤልሳቤጥ ወዲ ክትወልደልካ እያ፣ ስሙውን ዮሓንስ ኢልካ ኽትሰምዮ ኢኻ። ንሱ ሓጎስን ደስታን ኪኾነልካ እዩ፣ ብልደቱ ኸኣ ብዙኃት ኪሕጎሱ እዮም። ምኽንያቱ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዓቢይ ኪኸውን እዩ። ወይንን ዜስክርን መስተ ከኣ ከቶ ኣይኪሰትን እዩ። ገና ኣብ ከርሲ ኣዲኡ ከሎ መንፈስ ቅዱስ ኪመልኦ እዩ። ንብዙኃት ካብ ሕዝቢ እስራኤልውን ናብ እግዚኣብሔር |

| | | |
|---|---|---|
| | | ኣምላኾም ኪመልሶም እዩ፡ . . . ብናይ ኤልያስ መንፈስን ኃይልን ቀቅድሚ ጐይታ ኪኸይድ እዩ” ይብሎ። ዘረባ እቲ መልኣኽ ስለ ዘይኣመነ ከኣ ዘካርያስ ኣፉ ተዓጽወ።<br><br>ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣምላኽ ንሕዝቡ ንደቂ እስራኤል ኩሉ ግዜ ክዓስዮምን ካብ ጸላእቶም ኪድሕኖም ንርእዮ። ስምሶን ብግዙፍ ኃይሊ ካብ ፍሊስጥኤማውያን የድሕኖም። ኢየሱስ ከኣ ንቤተክርስቲያኑን ብኣኣ ገይሩ ከኣ ንኩሉ ሕዝቢ ዓለም የድሕኖ። ዮሓንስ መጥምቕ ከኣ ምጽኣት ናይ መድኃኒና ዘበስርን ብንስሓ ዜሰናዱን ልኡኽ ኣምላኽ እዩ። ናይ ሎሚ መልእኽትና ኣምላኽ ናይ ብሓቂ ዘዕቍብና ከውሕን እምባን እዩ። ኣብኡ ክንጽጋዕ ንጽዋዕ ኣሎና። ካብቲ ናይ ስጋን ናይ ዓለምን ናይ ሰይጣንን ክፍኣት ወጺና (ብንስሓ)፡ በቲ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘርኣየና መንገዲ ክንመላለስ ንጽዋዕ ኣሎና። ንዓና ነቶም ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ እንርከብ ሰባት ከኣ ካብ ኩሉ ርኽሰት ክንፍለ ከም ዘሎና በቲ ናይ ሳምሶምን ናይ ዮሓንስ መጥምቕን መልእኽቲ ንርዳእ። ኩላትና ክንዝክሮ ዘሎና ነገር፡ ሎሚ ኣሎና ጽባሕ የለናን። ግዜ ኣብ ኢድና ከም ዝሓዝና “ንእሽቶይ እየ፣ ገና እየ ዘሎኹ” ኣይንበል። ኢየሱስ ኪወስደና ኪመጽእ እዩ። ተዳሊና ንጽንሓዮ። “ንዓ ጐይታ ኢየሱስ!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **20 ታሕሣሥ** | **ሚክያስ 5፡ 1-4**<br>**መዝ 80፡ 2-3, 15-16, 18-19**<br>**ዕብ 10፡ 5-10**<br>**ሉቃ 1፡ 39-45** | ካብ ናይ ሎሚ ንባባትና ክቡራት ኣዕናቕ ቃል ኣምላኽ ንእረ፡-<br>• ሚክያስ ነብይ እግዚኣብሔር ካብ ቤተልሔም ገዛኢ ከም ዚወጽእ ዝሃቦ ተስፋ ይነግረና። ኣምላኽ “ኣቲ ኣብ ምድሪ ኤፍራታ ዘሎኺ ቤተልሔም፡ ንስኺ ካብተን ኣብ ይሁዳ ዘለዋ ኸተማታት ዝነኣስኪ ኢኺ። ትውልዱ ካብ ጥንቲ ካብ ዘለዓለም ዝኾነ ኣብ እስራኤል ገዛኢ ኪኸውን ዘለዎ ካባኺ ኸተንሥእ እየ” ከም ዝበለ ይነግረና። “. . .  ንሱ ምስ መጸ ንሕዝቡ ብኃይሊ እግዚኣብሔርን ብግርማ እግዚኣብሔር ኣምላኹን ኪዓስዮም እዩ” ይብለና።<br>• መዝሙር ከኣ “ኣምላኽ ሓዲሽ ሕይወት ሃበና፡ ክንድኅን ድማ ገጽካ ኣብርሃልና። . . . ንዓ ነዛ ብየማነይቲ ኢድካ ዝተኸልካያ ተኽሊ ወይኒ፣ ነዛ ንኣኻ ኢልካ ደልዲላ ከም እትበቍል ዝገበርካያ ንእሽቶይ ተኽሊ ወይኒ ኣድኅና። . . . ሽዑ ካባኽ ኣይክንርሕቕን ኢና፣ ብሕይወት ኣንብረና፡ ንሕናውን ከነመስግነካ ኢና።” ይብል።<br>• ኣብ መልእኽቲ ናብ ሰብ ዕብራውያን ከኣ “ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቓድ ኣምላኽ ኪፍጽም ንሰብነቱ ሓንሳእ ንሓዋሩ ስለ ዝሠውዐ፡ ተቐዲስና ኢና።” ይብለና።<br>• ኣብ ወንጌል ከኣ ማርያም ንኤልሳቤጥ ከም ዝበጽሓታ ይነግረና። ኤልሳቤጥ ሰላምታ ማርያም ምስ ሰምዐት እቲ ሕፃን ኣብ ከርሳ ተሰራሰረ፣ መ. ቅዱስ ከኣ መልአ። “ዓው ኢላ ‘ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፡ እቲ ካባኺ ዚውለድ ሕፃንውን ዝተባረኸ እዩ። ኣደ ጐይታይ ናባይ ክትመጽኢኸ እዚ ኻበይ ኮነለይ? . . . እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተነግረኪ ቃል ከም ዚፍጸም ስለ ዝኣመንኪ ብፅዕቲ ኢኺ’ በለት።”<br><br>ናይ ሎሚ ንባባት ብዛዕባ እቲ ናይ ድኅነት ተስፋን እቲ ፍጻሜኡን ኢና እንሰምዕ ዘሎና። ካብ ቤተልሔም ዚወጽእ ዜድኅን ንጉሥ ብግዜኡ መጸ። እቲ መድኃኒ ኣብ ከርሲ ማርያም ከሎ ናይ ድኅነት ስራሕ ከም ዝጀመረ ንርእዮ። ንሕና ሎሚ ከም ቤተክርስቲያን “ነዛ ብየማነይቲ ኢድካ ዝተኸልካያ ተኽሊ ወይኒ ኣድኅና” እንብለሉ ሰዓት እዩ። ኢየሱስ ብመስዋዕቱ ሓንሳእ ንንሓዋሩ ንቤተክርስቲያኑ ኣድኂኑዋ እዩ። ነፍሲ ወከፍና ድኅነትና ብምነት እንቕበለሉ ሰዓት ሕጂ እያ። ነታ ድኅነት ሒዛ ናብ ትመጽእ ዘላ ማርያም ቤትና ንኽፈተላ። ኣደ ጐይታ ኣብ ቤትና ክትመጽእ “ከመይ ኢሉ ኮነልና?” ሰላምታኣ መንፈስ ቅዱስ ሒዙ ኪመጻና እዩ።  ማርያም ነቲ ፈውስና ሒዛ እያ እትመጽእ። ኣምላኽ ብዘይ ፍቓድና ኣይድኅነናን እዩ እሞ፡ ንምቕባሉ ስጉምቲ ንውሰድ። “ንዓ ጐይታ ኢየሱስ ኣብ ፍቕርኻ ኣትየ ከም ዝነብር ግበረኒ። እቲ ፍቕሪ ዘይፍፈልጥ ሕይወተይ፡ ንፍቕሪ ኪኽፈት መዓጹ ልበይ ክፈተለይ። ውሉድ ኣምላኽ ምኳነይ ከም ዝርድኣኒ ግበረኒ! ኣሜን።” |